## መስርሕ ሓድነትና ብጸለመ ዝዕገት ኣይኰነን

## ሓባራዊ ሽማግለ ዜና
08.11.2009

ካብ ኣርበዓታት ናይ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ፡ ጒዳይ ሓድነት፡ ናይ ህዝብና ማእከላይ ሕቶ ኰይኑ ጸኒሑን ኣሎ። ሓድነት ሓይሊ፡ ምብትታን ድማ ድኻም ምዃኑ ንምርዳእ ድማ ኣጸጋሚ ኰይኑ ኣይስምዓናን።

ናይ ህዝብና ብዙሕነት ናይ ባህሊ፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖት፡ መበቆል፡ ብሄር፡ …ወዘተ ይኹን ወይ ውን ናይ ኣይዲዮሎጂ ብዙሕነት  ንገዛእ ርእሱ ንሓድነትና ጸገም ኣይኰነን። ብኣንጻሩ፡ ነዚ ብዙሕነት'ዚ ብጽቡቕ እንተደኣ ኣመሓዲርናዮን ተጠቒምናሉን ጸጋናን ሓይልናን ኢዩ። እቲ ንሓድነት ናይ ህዝብና ንሓደጋ ዘቃልዕ፡ ኣብ ኣድልዎ፡ ኣብ ጭቆና፡ ኣብ ምፍልላይን ዝተመርኰሰ ፖለቲካ'ዩ። ጸላኢ ሓድነትና እምበኣር፡ ዓይነት ፖለቲካዊ ስርዓትና ደኣ'ምበር፡ ብዙሕነትና ኣይኰነን። ካብ'ዚ ግንዛበ'ዚ ብምብጋስ፡ ስርዓት ኢሳያስን ፖሊሲታቱን ኢዩ ንሓድነት ናይ ህዝብና ዝፈታተን ዘሎ ዝብል እምነት'ዩ ዘሎና። ስለ'ዚ ኢና ውን፡ እዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክወድቕን ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ክትካእን ኣለዎ እንብልን፤ ንምውዳቑ ውን፡ ንቃለስን ዘሎና።

ንሕና፡ ሓደ ሃይማኖት ኣንጻር ካልእ ሃይማኖት፡ ሓደ ብሄር ኣንጻር ካልእ ብሄር፡ ሓደ ቋንቋ ኣንጻር ካልእ ቋንቋ፡ ሓደ ኣውራጃ ኣንጻር ካልእ ኣውራጃ፡ ሓደ ቀቢላ ኣንጻር ካልእ ቀቢላ ክትንስእ ኣይነላዓዕልን ኢና። ብኣንጻሩ፡ ኵሎም እዞም ማሕበራዊ ክፍልታትና ሓቢሮም ኣንጻር ናይ ሓባር ጨቋኒኦም ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ደው ክብሉን ክለዓሉን ኢና ንጽውዕ። ካብ'ዚ ሓሊፍና ውን፡ እቲ ጀብሃ፡ ሻዕብያ፣ ተጋዳላይ፡ ገባር፣ ዋርሳይ፡ ይከኣሎ፣ ከበሳ፡ መታሕት፣ ከምኡ ውን፡ ንባንዴራታትን ቅዋምን ዝምልከቱ ፍልልያት ሰጊርና፡ ነቲ ስርዓት ዝብድህን ንምቕያሩ ዘኽእልን፡ ሓያል፡ ሓድነቱ ዘረጋገጸ፡ ናይ ህዝቢ ተቓውሞ ጋህዲ ንምግባር ኢና ንቃለስ ዘሎና።

እዚ ዕላማ'ዚ ብዘይ ብቑዕ መሳርሒ ወይ ብዘይ ሓያል ውደባ ሓሳብ ጥራሕ ኰይኑ'ዩ ዝተርፍ። ካብ'ዚ እምነት'ዚ ተበጊስና ኢና፡ ሓደ ራእይ ወይ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ክጸናበሩ፤ ዝተፈላለይ ራእይ ዘለዎም ውድባት ድማ ኣብ ኪዳን ተጠርኒፎም ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢኦም ክቃለሱ ክንጽውዕ ዝጸናሕናን ዘሎናን። ኣርባዕተ ውድባት፡ ማለት ዲሞክራስይዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፡ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ነዚ ራእይ'ዚ ደጊፍና ውድባትና ንጸናብር ኣሎና። ካልኦት ውን፡ ክጽንበሩና መዓጹና ወትሩ ክፉት ኰይኑ ክቕጽል ኢዩ።

ንሕና፡ ኣበይ ነርና፡ ኣበይ'ከ ክንበጽሕ ንደሊ ኣሎና ኣዕሪና ተረዲእና ኣሎና። ዝሓለፍናዮ ናይ ምፍንጫላት፡ ምንጽጻግ፡ ምትህልላኽ፡ ምጽልላም መዋእልን ታሪኽን ለውጢ ከምጽእ ከምዘይክእል ተረዲእና፡ ንቕድሚት ከነማዕዱ፡ ንብሩህ መጻኢ ክንጥምት፡ ንዝጸንሐ ትርጒም ዘይብሉ ፍልልያትን ህልኻትን ናይ ጸለመታት ኣረጊት ባህልን ክንፍውስ ቈሪጽና ተበጊስና ኣሎና። ስለ'ዚ ኢና ውን፡ "ሓቢርና ንስራሕ ከነድምዕ፡ ሓቢርና ነድምጽ ከነስምዕ" ዝብል ጭርሖና ዘልዓልና።

እዚ ራእይን ናይ ሓድነት ጕዕዞናን ዘሰንበዶም፡ ደገፍቲ ናይ ስርዓት ህግደፍ ይኹኑ ተቓወምቲ ኢና በሃልቲ ውልቀ-ሰባትን ውድባትን ኣብ'ቲ ዝነበርናዮን ዝሰገርናዮን ዓዘቕቲ ንኽመልሱና ሕኾ ክብሉ ይርኣዩ። ሓንሳብ ብክርስትና፡ ሓንሳብ ብሻዕብያነት፡ ሓንሳብ ብሕሉፍ ጸጋማዊ ዝንባለ ክኸሱና ፈቲኖም። ኣረ ገሊኦምስ፡ ንዓና ክረኽቡ ክብሉ፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ 2011 ምርጫ ክገብር'ዩ እናበሉ ከበሮ ክወቕዕሉ ዝጀመሩ ውን ኣይተሳእኑን።

ገለገለ ካብኦም፡ ሓደ እንተደኣ ኰይኖም ክውሕጡና ኢዮም፡ ጽባሕ ስልጣን ንበይኖም ክብሕትዎ ኢዮም ካብ ዝብል ውልቃዊ ስግኣታቶምን ድኻማቶምን ኢዩ ዝብገስ። ገለ ካልኦት ድማ፡ ዝሰርሕዎ ነገር ስለዘይብሎም፡ ኣብ ቅድሚ ኣባላቶም ዝሰርሑ ዘለዉ መሲሎም መታን ክርኣዩ ዝብልዎን ዘውርይዎን ኢዩ። ኣብ ገዝኦም ባኒ ዘይብሎም ክነሶም፡ ኣብ ገዛ እንዳ እከለ'ኳ ባኒ የለን እናበሉ ክዕልሉ ዝመርጹ ኢዮም። በዚ ግን፡ ንደቆም ካብ ጥሜት ከናግፍዎም ኣይክእልን ኢዩ።

ንሕና፡ ንፈናጨል ኣይኰናን ዘሎና፡ ንሕና ንሓድነት ኢና ንሰርሕ ዘሎና። ንሕና፡ ንስቅያት ናይ ህዝብና ንምፍታሕ መዓጹ ንኹሕኵሕ ኣሎና። በዚ ክንነኣድን ክንተባባዕን እምበር ክንቱነን ኣይግባእን ኢዩ። ነዚ ክንገብር ዝኽልክለን ዝኾነ ይኹን ንሕና እንፈልጦ ዓንቀጽ ይኹን ውዕል ድማ የለን።

ንተበጊስናሉ ዘሎና ናይ ሓድነት ጕዕዞ ደው ከብሎ ዝኽእል ተጻባኢ ወይ ተቓናቓኒ ሓይሊ የለን። ኣባላት ሰለስቲኡ ውድባት ቈሪጾም ዝተበገስሉ ዕላማ ስለዝኾነ፡ ካልእ ግዳማዊ ሓይሊ ደው ከብሎ ወይ ብጸለመታት ኣቢሉ ክዓናቕፎ ዝኽእል ኣይኰነን። ኣብ ኵሉ ክፍለ-ዓለማት ዝተኻየደ ኮንፈረንሳት ናይ ኣባላት ሰለስቲኡ ውድባት ድማ፡ ደገፉ ንምንጽንባራዊ ሓድነት ብዘየወላውል መንገዲ ገሊጽዎን ኣረጋጊጽዎን ኢዩ።